# ጉባኤ ካህናት ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ
# ጳጳስ ሲኖዳ ኣገልግሎቶም ደው ከብሉ ውሳኔ ኣመሓላሊፉ

ናብ ብፁዕ ኣቡነ ሲኖዳ ዋሽንግቶን ዲሲ።

ጉባኤ ካህናት ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ብዕለት 21 መጋቢት 2006 ዓ.ም ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ብፍላይ ድማ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ተኸሲቱ ዘሎ ሓደገኛ ፍጻሜ ብሕብረት ዘትዩሉ። ኣብቲ ናብ ጳጳስ ሲኖዳ ዝለኣኾ ደብዳበ እቲ ኩነታት ምእመናን እናኸፉፈለ ናብ ኣዝዩ ሓደገኛ መንገዲ ይእንፍት ስለ ዘሎ ከምዘሕዘኖ፡ ጠንቂ ናይዚ ምፍላላይ እዚ ድማ ጳጳስ ሲኖዳ ከምዝኾኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣቡን ሲኖዳ ሕጊ ቤተ ክርስትያን ጥሒሶም ንዝህብዎ ኣገልግሎት ኩሉ ደው ከብልዎ ውሳኔ ኣመሓላሊፉ።
ኣብቲ ናብ ኣቡነ ሲኖዳ ዝለኣኾ ደብዳበ፡ ጳጳስ ሲኖዳ ሰለስተ ቀኖናዊ ሕጊ ከምዝገሃሱ ዘርዚሩ።ንሳተን ድማ።

1. ኣብ ሰነ 2005 ኣብ ትሕቲ ቅዱስ ፓትርያርክ ሃገረ ኤርትራ ኮንኩም፡ ብትእዛዞምን ቡራኬኦምን ተማእኪልኩም፡ ቤት ጽሕፈትኩም ኣብ ኣስመራ ኮይኑ፡ ኣብ መንጎ ቅዱስ ሲኖዶስን፡ ኣብ መንጎናን ኴንኩም ክትዓዩ፡ ብቅዱስ ፓትርያርክ ተመዲብኩም ከተብቅዑ፡ መምርሕን ትእዛዝን ከይተዋህበኩም ከምዝመጻእኩም ቅዱስ ፓትርያርክ ኣብ ደብዳበኦም ከምዝገለጹ ንጠቅስ። “ኣቡነ ሲኖዳ ሓንቲ መዓልቲ መጺኦም መምርሕን ትእዛዝን ክህበኩም ኢለዮም ከይተመልሱ ብኡ ኣቢሎም መሊቖም ከም ዝመጽኡ እምበር ኣብ ኣመሪካ ክነብሩ፡ ኣነ ከም ዘይለኣኽክዎም ኤረጋግጽ” ዝብል ቃል ቅዱስ ፓትርያርክ ርጊጽኹም ብምምጻእኩም ኣብ ኣመሪካ ከቢድ ምፍልላይ ተፈጢሩ ምህላዉ ጉባኤ ገምጊሙ። ነዚ ዝምልከት ጽሑፍ ተተሓሒዙ ዘሎ ተመልከቱ
2. ብዘይ ምእኩልን ብዘይ ፍቓድ ቅዱስ ፓትርያርክ መጺእኩም፡ ዝኾነ ኣገልግሎት ንከይይትፍጽሙ፡ ዝተሓበረኩም ጽሑፍ ድማ ከምዚ ይብል፡ “ብዘይፍቓደይን ኣፍልጦይን ኣብ ኣሜሪካ ዝንቀሳቐሱ ዘለዉ ጳጳሳት፡ ኣብ መንፈሳዊ ጉዳይ ቤተ ክርስቲያን ዝገብርዎ ውግዘትን ኣብ መንፈሳዊ ስልጣን ቤተ ክርስቲያንን ሕጋውነት የብሉን።” ዚብል ብቅዱስ ፓትርያርክ ተሓቢርኩም ከብቅዕ፡ ንስኹም ግና ምስቶም ብጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስን ብምልኣት ዝወገዞም ካህናት፡ ብቀኖና ቤተ ክርስቲያን ዘይፍቀድን ውጉዝን ምኻኑ እናተፈልጠ ፈቲሕኩም ብሓደ ምቕዳስኩም፡ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ቀኖና



P.O.BOX 390486
Snellville,Ga.30039
USA

Tele 678-749-7746 Fax (770)-484-1344
diocese@tewahdo.com
www.tewahdo.com

ቤተ ክርስቲያንና ከቢድ ግህሰት ፈጺምኹም። ምስዚ ደብዳበ ተተሓሒዙ ዘሎ ቃለ-ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ስም ኩሎም ጳጳሳት ናይ ውግዘት ጽሑፍ ተመልከቱ።

3. ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ፡ ፓትርያርክ ሃገረ ኤርትራ፡ ዕለት 13 ጥሪ 2006 ኣብ ውሳኔኦም፡ ንኹሎም ሊቃነ ጳጳሳት፡ ጳጳሳት፡ ኤጲስ ቆጶሳት ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ኤርትራ፡ "ፓትርያርክ፡ ጳጳስ፡ ካህን ዲያቆን ከይትሾሙ፡ ብሥልጣን ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣውጊዘ ኣሎኹ።" ዝብል ሓዋርያዊ ውግዘት ቅድስት ኦርቶዶክሳዊት ጥሒስኩም መዓርግ ዲቁና ብምሻምኩም፡ ኣብ ቀኖና ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና ዓቢይ መንፈሳዊ ግህሰት ስለ ዝፈጸምኩም፡ እዚ ኣብ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና ኣዝዩ ሃሳዪ ምኽኑ ጉባኤ ተገንዚቡ።

በዚ መሠረት፡ ጉባኤ ካህናት ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ፡ እዚ ፍጻሜ እዚ ኣብ ቅድስት ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ንኡስ ሃገረ ስብከትና ድማ ብፍላይ ኣዝዩ ሓደገኛ ንእምነት ቅድስት ቤተ ክርስቲያንናን ቀኖናኣን ዝፈታተን ብምኻኑ፡

ብፁዕ ኣቡነ ሲኖዳ፡ በዘን ኣብ ላዕሊ እተጠቕሳ፡ ጉዳያት፡

ሀ. ብዘይፍቓድን ቡራኬን ቅዱስ ፓትርያርክ ናብ ኣሜሪካ ብምምጻእኩም። እዚ ድማ፡ ነቲ "ሓደ ጳጳስ፡ ብዘይፍቓድን ትእዛዝን ቅዱስ ፓትርያርክ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲ ክንቀሳቐስ ኣይክእልን" ዝብል ሕጊ 8 2 ሀ. ብግልጺ ዝጠሓሰ ምኻኑ ጉባኤ ኣሚኑ።

ለ. ነቲ ብምልኣት ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኤርትራ ዝተወገዘ ውግዘት ረጊጽኩም፡ ምስ ዝተወገዙ ካህናት ምቕዳስኩም ዓንቀጽ 51 ቀኖና ቤተ ክርስቲያን ሠለስተ ሚእትን ዓሰርተ ሾመንተን ሕጊ ቀኖና ኦሬንታል ኣብያተ ክርስቲያን፡ ከምኡውን ቀኖና ቤተ ክርስቲያን ሲኖዶስ ዘኣበዊነ ሓዋርያት ዓንቀጽ 15 ዝተጣሕሰ ምኻኑ ጉባኤ ኣሚኑሉ።

ሐ. ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ፓትርያርክ ሃገረ ኤርትራ፡ ዝኮነ መዓርግ ከይትሾሙ፡ ብሥልጣን ሥሉስ ቅዱስ ኣብን ወልደን መንፈስ ቅዱስን ዘሕለፍዎ ውግዘት ተጣሒሱ መዓርገ ዲቁና ብምሻምኩም፡ ቀኖና ሲኖዶስ ዘኣበዊነ ሓዋርያት ዓንቀጽ 27 ከም ዝተጣሕሰ ጉባኤ ኣሚኑሉ።

ስለዚ ካብ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ፡ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ወፓትርያርክ ሃገረ ኤርትራ ነዚ ዝተገብረ ሃይማኖታዊ ስዕረት ቀኖና ቤተ ክርስቲያን ምሉእ ፍትሓትን ቅዱስ ፍቓድን ክሳብ ዝወሃበኩም፡ ንኽብርን፡ ዕቤትን ቀኖናን ስርዓትን ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ብመዓርግ ጵጵስና እትገብርዎ ኣገልግሎት ደው ከተብሉ፡ ክብሪ ቅድስና ናጻን ሉዓላውነትን መንበር ቅድስናና ክትምእዘዙ ብመንፈሳዊ ኣኽብሮት ምስናይ ትሕትና ንሓተኩም።

ኩሉ ምእመን ድማ፡ እዚ ኣብ ቤተ ክርስቲያንናን ቀኖናኣን ተፈጺሙ ዘሎ ግህሰት፡ ፈሊጡን፡ ተረዲኡን ነታ ብደም ክርስቶስ፡ ብኣማላድነት ቅድስት ድንግል ማርያም፡ ብተራዳኢነት ቅዱሳን መላእኽቲ ብመሰዋእ ሰማዕታት፡ ብጸሎት ጻድቃን፡ ዝተረከብናያ ሓዋርያዊትን ቅድስትን ቤተ ክርስቲያኑ ደው ክብል ጉባኤ ካህናት ሰሜን ኣሜሪካ ጻውዒትና እናመሓላለፍና።



P.O.BOX 390486
Snellville,Ga.30039
USA
Tele 678-749-7746 Fax (770)-484-1344
diocese@tewahdo.com
www.tewahdo.com

ጉዳይና ጉዳይ ሃይማኖት እምበር ጉዳይ ፖለቲካን፣ ካልእ ሕቶን ዘይምኻኑ፣ ብጉዳይ ሃገርና፣ ኣብ ናጽነትን ሉዓላውነትን ሃገርና፣ ምስ ኩሉ ሕዝብና ደው ኢልና ከም ዘሎና ደጋጊምና ነረጋግጽ።

እግዚኣብሔር ብደሙ ዘጥረያ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና ይሓሉ።
ዘለዓለማዊ ዕረፍቲ ንኹሎም ሰማዕታት ኤርትራ፣
ሰላም ንሃገርና።

ምምሕዳር ጉባኤ ካህናት ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ

ቅዳሕ፣
ንብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ፓትርያርክ ሃገረ ኤርትራ፣
ንኹሎም ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ሃገረ ኤርትራ፣
ንኩለን ኣብያተ ክርስቲያን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ኣብ ሰሜን ኣሜርካ።



**P.O.BOX** 390486
Snellville,Ga.30039
USA
Tele 678-749-7746 Fax (770)-484-1344
diocese@tewahdo.com
www.tewahdo.com